

## ማሕበረሰብና ካብ ጽልዋታት ኮቪድ-19 ናብ ንቡር ኣብ ዝምለሰሉ ዘሎ እዋን ንተኻረይቲ ዝኮኑ ኣገደስቲ ሓለዋታት ተዳልዮም ኣለዉ።

እንተድኣ መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ንምርዳእ ሓገዝ ትደልዩ ኾይንኩም ወይ ብዛዕባ መንበሪ ገዛኹም ወይ ውዕል ክራይኩም ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ኮይኖም፡ ናብቲ ናይ Renting in Seattle (ክራይ ኣብ ስያትል) ህጹጽ መስመር ተሌፎን ሓገዝ (206) 684-5700 ወይ ሓዱሽ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ www.seattle.gov/rentinginseattle ብጽሑ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መላእ ከተማ/ክፍለሃገር ንተኻራዩ ካብ ገዛ ምውጻእ ዝኽልክል ውንዘፋ ጸኒዑ ኣሎ ክሳብ ነሓሰ 1, 2020 ክኣ ክቕጽል እዩ። እቶም ቀንዲ ሓለዋታት ናይቲ ውንዘፋ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥



- ኣብ ጥዕናን ድሕነትን ከቢድ ስግኣት፡ ከቢድ ናይ ንብረት ዕንወት እንተዘይሃልዩ፡ ወይ እቲ ወናኒ ነቲ ገዛ ክቕመጦ ወይ ክሸጦ እንተዘይደልዩ ንተኻራዩ ካብ ገዛ ከምዝወጽእ ምግባር ክልኩል እዩ።
- ክፍሊት ክራይ ክውስኽ ኣይክእልን'ዩ።
- ንዘደንጎዩ ከፈልቲ ክራይ ዝውሃብ ናይ መቕጻዕቲ ክፍሊት ክልኩል እዩ።



ኣካረይቲ ኣብ መንጎ መጋቢት 3, 2020 ክምኡ ድማ 6-ኣዋርሕ ድህሪ እቲ ህጹጽ ኣዋጅ ዘብቅዕ ምስ ኮቪድ-19 ዝዛመድ ንተኻራዩ ናይ ምውጻእ ታሪኽ ኣመልኪቶም ንተኻራዩ መንበሪ ገዛ ክኽልክልዎ ወይ ጽኑዕ ስጉምቲ ክወስዱ ኣይክእሉን።

ኩሎም ናይ ክራይ መመልከቲታት ነዚ ሓበሬታ'ዚ ክገልጹ ኣለዎም። 



ተኻረይቲ ምስ ኮቪድ-19 ዝዛመድ ካብ ዝተኻረይዎ ገዛ ናይ ምውጻእ ታሪኾም ካብ ናይ መጻኢ መመመዱ ጸብጻባት ክግለል ንቤት-ፍርዲ ክሓቱ ይኽእሉ።



ብሰንኪ ኮቪድ-19 ክራይ ዘይምኽፋል ን 6-ኣዋርሕ ድሕሪ እቲ ናይ ስያትል ተኻረይቲ ናይ ዘይምውጻእ ውንዘፋ ዝዛዘም ብሕጊ ገዛእ ርእስኻ ክትከላኸለሉ ትኽእል'ዩ።



ዘይምኽፋል *ከም* ናይ ዘይምውጻእ መከላኸሊ ንምጥቃም ንዝጠዊ ጸገም ከም መረጋጺ ከተምጽኡ ኣለኩም።

ኣካራይኹም ግዚኣም ዝሓለፉ *ክፍሊታት* ዝከውን ናይ ክፍሊት ውጥን ክቕበል ኣለዎ።



- 1-2 ኣዋርሕ ዘሕለፈ = 3-5 ተኸታታሊ ወርሓዊ እጃማት ክፍሊት
- 2 ኣዋርሕ + ዘሕለፈ = 6 ተኸታታሊ ወርሓዊ እጃማት ክፍሊት
- ወይ ብኽልቲኦም ወገናት ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሐ ናይ ኣማራጺ ሰደቓ-ግዜ

ኩሎም ናይ *14-መዓልቲ ክፈል ወይ ውጻእ* ምልክታታት ንተኻረይቲ ከምዚ ዝስዕብ ዝሕብር ንጹር ቋንቋ ከጠቓልሉ ኣለዎም፥



- ክፍሊት ክራይ ክትከፍል ዘይምኽኣል ኣንጻር ምውጻእ ገዛእ ርእስኻ ክትከላኸለሉ ዘኽእል እዩ
- ተኻረይቲ ንግዚኡ ዝሓለፈ ክፍሊት ናይ ክፍሊት ውጥን ናይ ምውጻእ መሰል ኣለዎም



ናይ ምድንጓይ ናይ መቕጻኦቲ ክፍሊታት/ወለዳት ን12 ኣዋርሕ ድሕሪ እቲ ናይ ስያትል ህጹጽ ኣዋጅ ዘብቅዕ ኣይፍቀዱን እዮም።



ኣካረይቲ ብምኽንያት ተኻረይቲ መሰላቶም ምሕታቶም ኣንጻሮም ሕነ ክፈድዩ ኣይክእሉን።